# ፩ይ ሰንበት ዘክረምት ዘጊሜ/ዘደመና

## ሓምለ 16 2015ዓ.ም. (07/23/2023)

### ዓላማ ሕርየተይ ንድለት ኣምላኽን ምፍጻም እዩ!

**መዝሙር፡** ክርስቶስ ንጉሥ እዩ መሓሪ እዩ፥ንዘራኢ ዘርኢ ይህቦ ንእኽሊ ንመግቢ የብቅዖ፥ንመስኪን ካብ ምድሪ የተንሥኦ፥ንሥልጣኑ ሓደኳ ኣይምንዝዖን፥ ንጻድቃኑ ታሕጓስ ይእዝዘሎም፥ሰንበት ንዕረፍት ሰርዐ፥ገባር ሕይወት ኣብ ዓዓመት ክረምቲ ዝኸፍት እዩ።

**ንባባት፡** 2ቆሮ 10፡1-18፥ ያዕ 3፡1-8፥ ግ.ሓ. 28፡17-31፥ ሉቃስ 9፡1-6

**ምስባክ፡** ሐወጽካ ለምድር ወአርወይካ፥ወአብዛህካ ለብዕላ፥ፈለገ እግዚአብሔር ምሉዕ ማያት።ንምድሪ በጻሕካያን ኣርወኻያን፥ሃብታ ኸአ ኣብዛሕካዮ፥ፈለግ እግዚኣብሔር ማይ ዝመልአ እዩ” መዝ. 65፡9።

ዘሎናዮ እዋን ኣብ ዓድና እዋን ክረምቲ እዩ ምድረ ሰማይ ብግመን ፊግፊታን ጸልሚቱ ጎቦታት ብግመ ተሸፊኑ ሰማይ ብጸሊም ደበና ተኸዲኑ ዝርአየሉ እዋን እዩ። ነዚ ኣብ ግምት ኣእትዩ ሉጡርግያና ነዚ ሰንበት ሰንበት ዘጊሜ ይሰምዮ። ክረምቲ ብፍላይ ኣብ ሃገረሰብ ኣብ ተስፋ ዘሳግር ኮይኑ እምበር ከቢድ እዩ። ኣብ መንፈሳዊ ሕይወትና ክነዛምዶ ከሎና እውን ካብ ኣምላኽ ከይተፈለና ኣብኡ ምሉእ እምነት ገርና ብተስፋ እንጉዓዘሉ እዋን እዩ።

ናይ ሎሚ ንባባትና እንተ ረኢና ኣብ ሓደ ዘተኮሩ እዮም ንሱ ኸአ መጸዋዕታ ወይ ሕርየት ኣምላኽ እዚ ኸአ ነቲ ሓዋርያዊ ተልእኮ ቤተ ክርስትያንን ንናይ ነፍስወከፍና ልኡኻቱ ክንከውን ዝተሓረናሉ ዘመልክት እዩ። ሕርየትና ብዕድል ወይ ብኣጋጣሚ ዝኾነ ነገር ኣይኮነን። ኣምላኽ ድላዩ ኮይኑ ንፍሉይ ዓላማን ተልእኮን ዝመረጸና ኢና። ቤተ ክርስትያን ነዚ መሰረት ገራ ኣብ ውሽጢ ሕልናና ኣቲና ፍሉይ ሕቶታት ንርእስና ክንሓትት እሞ መልሲ ክንህብ ትደልየና። እንታይ እዩ ዓላማ ኣምላኽ ንኣይ ልኡኹ ክኸውን ዝሓረየኒ? ነቲ ዝተሓረኽዎ ዓላማኽ ብግቡእዶ እፍጽሞ ኣሎኹ?

ኣብ ብሉይ ኪዳን ኣምላኽ ንፍሉይ ዓላማ ንሰባት ኣብቲ ንሱ ዝደልዮ ክዓዩ ከምዝሓሪ ብንጹር ንረክብ። ኣብርሃም ካብ ዓደብኡ ክወጽእ ኣብቲ ንሱ ዝህቦ ዓዲ ክኸይድ ከምዝነገሮ ንረክብ። ሙሴ ጓሳ ኮይኑ ኣብ እምባ ሆሬብ እንከሎ ኣብ ግብጺ ከይዱ ንህዝቡ ካብ ባርነት ከውጽኦም ክልእኮ ነጊርዎ። ንዳዊት ንጉሥ ካብ ኩሎም ኣሕዋቱ ዝንኣሰ ከንሱ ንጉሥ ክኸውን መሪጽዎ። ሳሙኤል፥ ኤርምያስ፥ ከምኡ ካልኦት ነብያት ኩሎም ኣምላኽ ንፍሉይ ነገር ክገብሩ ሓርዩ ልኢኽዎም። ኣብ ነብይ ሆሴዕ 7፡12-15 ዘሎ እንተ ኣንበብና ኣምላኽ ንሆሴዕ ድኻ ሓረስታይ ካብ ደቢባዊ መንግስቲ ይሁዳ ንሰሜን ኣብ መንግስቲ እስራኤል (ኤፍራይም ዝብል ስም እውን ይውሃቦ እዩ) ከይዱ ኣብ መገዲ ኣምላኽ ክምለሱ ክነግሮም ሓርይዎ። በቲ እዋን መንግስቲ እስራኤል ኣብ ክልተ ተመቒሉ ነሩ ሰሜናዊ እስራኤል፥ ደቡባዊ መንግስቲ እስራኤል ተባሂሉ ተኸፊሉ ነሩ። ሆሴዕ ማንም ሓረስታይ እዩ ነሩ ኣምላኽ ግን ሓርይዎ ነቶም ኣብ ሰሜን ዝነበሩ ነብያት በቲ እዋን ኣይሓረዮምን ንሆሴዕ ግን ኣብ ሰሜን ከይዱ ኣብ ኣምላኽ ክምለሱ ክነግሮም ልኢኽዎ።

ኣብ ሓዲስ ኪዳን ማርያም ኣደ ኣምላኽ ክትከውን ብኣምላኽ ተሓርያ፥ 12 ሓዋርያት ኣብ ሰስርሖምን መነባብርኦምን እንከለዉ ኢየሱስ ስዓቡኒ ገፊፍቲ ሰብ ኣብጻሕቲ ብስራተ ወንጌለ መንግስቲ ኽገብረኩም እየ እናበለ ሓርይዎም። ንጳውሎስ ኣብ መገዲ ደማስቆስ ብድንገት ሓርይዎ ን፫ተ ዲያቆናት ብሓዋርያቱ መንፈሱ ኣውሪዱ ሓርይዎም። ነዚ መሰረት ገርና እምብኣር ኣምላኽ ንነፍስወከፍና ከም ዝሓረየና ንርኢ። ሕሩያት ፍጥረት መዓይይቲ ኣምላኽ ክንከውን ዝተሓረና ኢና።

ሕርየትና ንድላይ ኣምላኽ ክነብጽሖ ክነግር እዩ።

አምላኽ ክሓርየና እንከሎ ኣብ ዓቕሚና ኣብ ፍልጠትና ተመስሪቱ ዘይኮነ ባዕሉ ብመገዱ ከም ዝመርጸ ንርኢ። ንሱ ዝደልዮ ንዳልዩ ጽን ኢሉ ዘብጽሕ ዝነግር እዩ። ንሕና ብጥምቀት ልኡኻት ኣምላኽ ክንከውን መብጽዓ ኣቲና። ክርስትያን ማለት ንድላይ ኣምላኽ ዝልኣኽ ዘብጽሕ ማለት እዩ። ሕርየትና እምብኣር መጀመርያ ቅዱሳን ክንከውን ድሕሪኡ በቲ ኣምላኽ ዝሓረየና ሰበኽቲ ወንጌልን መስከርትን ክንከውን እዩ። ከም ሰባኺ ኣብ ኣምላኽ ዝመለስክዎም ሰባት ኣለዉዶ ኢልና ንርእስና ክንሓትት ጽቡቕ ኣጋጣሚ እዩ። መልእኽቲ መን እየ ዘብጽሕ ዘሎኹ ክንብል ይግባእ።

ኣብ መንልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ኤፌሶን፥ ኣምላኽ ብኢየሱስ ገሩ ከምዝሓረየና ጥራሕ ኣይኮነን ዝዛረብ። ኣምላኽ ስለምንታይ ከምዝሓረየና ይነግርን የዘኻኽርን ኣብ ቅድሚኡ ቅዱሳንን መንቅብ ዘይብሎምን ምእንቲ ክንከውን ቅድሚ ምፍጣር ዓለም ኃረየና (ኤፌ 1፡ 4)። ብኻልእ ኣዘራርባ ዓላማ ተፈጥሮናን ድላይ ኣምላኽን ምኽንያት ሕርየትና እዚ እዩ። ዝኾነ ኮይኑ ከምቲ ሓደ ንገዛእ ርእሱ ጥራሕ ዘይነብር ካልኣይ ምኽንያት ስለምንታይ ኣምላኽ ከም ዝሓረየና ክንርኢ ከሎና ንኻልኦት ኣብ ኣምላኽ ክምለሱ ወይ ክፈልጡ ክንልኣኽ እዩ። እዚ ኸኣ ተልእካዊ መንፈስ ክነዕቢ ንማለት እዩ። እዚ ክልተ ምኽንያት ሕርየትና ብሓደ እንተ ገበርናዮም ኣብቲ መወዳእታ ምኽንያት ተፈጥሮ ዕላማናን ኣብቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ክንበጽሕ ንኽእል።

ናይ ሎሚ ወንጌል ነታ ካልኣይቲ ምኽንያት ሕርየትና ብዝያዳ የተኩር። ክርስቶስ ነቶም ዝሓረዮም ነቲ ዓላማ ኣምላኽ ዝሓረዮም ኣብ ሕይወቶም ብዝያዳ ክርድኡ ኢሉ ንሰለተ ዓመት ኣስተምሂርዎም። ኣብ መወዳእታ ነቲ ቀዳማይ ዓላማን ድላይ ኣምላኽን ከብጽሑ ልኢኽዎም። ተልእክኦም ከኣ ኣብ ማሕበረ ሰብን ኣብ ዓለምን እዩ። እዚ መጀመርያ ንርእሶም ዝኣተውዎ ድሓር ንሳቶም ንኻልኦት ኣብኡ ከም ዘእትዉ ገርዎም፥ እዚ እዩ ኣብ ክርስቶስ ምዕባይ ማለት። ሕይወትካ ብምልኡ ናይ ክርስቶስ ገርካ ንኣኻ ዝረኣየ ንክርስቶስ ከም ዝርኣየ ምግባር። ኣብ ሕይወትና ንቅድስና ክንለብስ ክንጽዕር ነዚ እናገበርና ንካልኦት እውን ኣብ ኣምላኽ ተመሊሶም ቅድስናን ሓቅን ክለብሱ ምሕጋዝ። ነዚ ዝገብር ሓዋርያ ሰባኺ መስካሪ ክንብሎ ንኽእል። ነዚ ቅዱስ ተልእኮ ግብራዊ ክንገብሮን ክንፍጽሞን ንኣይ ይጥዓመኒ እንብል ክንከውን የብልናን ፍቕሪ ደፊኡና ንኻልኦት ከማና ዝበሉ ሰባት ካብቲ ዘለውዎ ኣብ ኣምላኽ ከምዝምለሱ ምግባር እዩ። ከም ጻጸ ምግቢ የናዲ እሞ ምስ ረኸባ ኣብ ኣሕዋቱ ኣምጺኡ ዝካፈላ ንሕና እውን ንዘሎና ምስ ኣሕዋትና ተኻፊልና ክንክእል ኣሎና።

ኣብ መወዳእታ እንርእዮ ክርስቶስ ንሓዋርያቱ ነቲ ዝሃቦም መልእኽቲ እናኣብጽሑ እንከለዉ ኣብ መንጎ ከይደናገሩ ወይ እውን ብዝኾነ ምኽንያት ከየብጽሕዎ ከይተረፉ ኢሉ መምርሒታት ሂብዎም። ንሱ ኣብ ከመይ ዝበለ ዓለም ይልእኮም ከምዘሎ ማለት ምቾት ጣዕሚ ዝተፈላለየ ፈተና ዘለዎ እሞ ትርጉም ተልእክኦም ጠሊሞም ኣብ ካልእ ከይዝንብሉ ኢሉ መምርሒ ሂብዎም። ለቢስካዮ ዘሎኻ ሕይወት ዋንኡ ኣምላኽ ከምዝኾነ ተረዲእካ ከምቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ገርካ ክትጉዓዝ ይግባእ። ተልእኮ ክርስቶስ ክዕወት እዚ ንኣይ ጥራሕ ይጥዓመኒ ዝብል ዓለምና ኣብ ሃብትን ምቾትን ጥሒሉ ኣብ ፍትወትን ድለትን ሥጋን ጥራሕ ዘንቢሉ ዘሎ ዓለም ክንዝንግዖ የብልናን። ንዝኾነ ካብ ድላይ ኣምላኽ ከይንፍጽም ዝዓግተና ሓይሊ ሰጋእ ክንብል የብልና።

ኣብ መምርሒ ክርስቶስ እንተ ጸኒዕና ብእኡ እንተ ተመሪሕና ንድላይን ዓላማን ኣምላኽ ክንስሕቶ ኣይንኽእልን ኢና። ግን ንኣኡ ሓዲግና ነቲ ብቐሊል ካብ ጉዕዞና ዘዘናብለና እንተ ኣተኮርና ጠፊእና ኢና። ዘሕዝን ብዙሓት ካባና ለቢስናዮ ዘሎና እንታይነቱ ብዘየገድስ ኣብ ተልእኮና ኣተኲርና ምጥማት እንጉዓዞ ዘሎና ሕይወት ንመን እዩ ዝስዕብ ዘሎ ክንፈልጥ ዝዘንጋዕና እዩ ዝመስል። ነቲ ክርስቶስ ዝሃበና መምርሕን ተልእኮናን ምእዛዝ ኣቢና ባዕልና ዝመሃዝናዮ ድለትን ዓላማን ኢና ንፍጽም ዘሎና። ነቲ ከም ክርስትያን ክንክተሎን ክንስዕቦን ዝግብኣና ሓዲግና እንኸዶ ዘሎና ጠፊኡና ዓላማ ምኽንያት ተፈጥሮና ዘንጊዕና ዓለምና ብሰንኪ ግጉይ መገዲ ብምሓዝና ትሕመስ ኣላ።

ኣብ ሕይወትና ኣቲና ከመይ እጉዓዝ ኣሎኹ ምስ መን እጉዓዝ ኣሎኹ ኢልና ክንሓስብ ሎሚ ንሕተት ኣሎና። ፀሓይ በሪቓ እትዓርበና ሓንቲ ፍረ ከይገበርና ኣብ ክፍኣተ ግብሪ ጥሒልና ልኡኻት ጸልማት ኮና ንብዙሓት ካብቲ ክኸድዎ ዝግብኦም መንገዲ ኣውጺእና ኣብ ግጉይን ንጥፍኣት ዝመርሕ ኣእቲና እንጉዓዝ ውሑዳት ኣይ ኮናን። ኣብ ልብና እሞ ምልስ ንበል ሽዑ ኣምላኽ ተመለሰኒ እናበለ ክጽውዓና ነታ ንጥፍኣት ዝወሰደትና መገዲ ካብኣ መሊሱ ኣብኡ ክመልሰና እዩ። ሓንትስ ንርእስና ርኢና ንኽእል እንበር ክፍኣትናስ ባዕሉ ዝዛረብ መስክሩለይ ዘየድልዮ ንጥፍኣት ናተይ ኢሉ ሒዙ ዘሎ እዩ። ዓለምና ዝነብሮ ዘሎ ንርኢ ኣሎና ንሕጊ ኣምላኽ ብሕጊ ሰብ ክንትክእ ነቲ ኣምላኽ ካብ መጀመርያ ዝሃበና ትእዛዝ ጠሊምና ከም ቀዳሞት ወለድና ካብ ኣምላኽ ወጺእና ኢና ዘሎና። ሎሚ ዝርእያ ኣዒንቲ ውሒደን ንሓቂ ዝዛረብ መልሓስ ተሳኢኑ ብኣንጻሩ ንሓቂ ንጽድቂ ዝሓዘ ዝፈርሓሉን ዝስከፈሉን እዋን ኢና ዘሎና። ሰይጣን ዝተዓወተሉ ብጅግና ተፈሊጡ ሰብ ልቡ ፍርሒ ዘሚትዎ ዝብሎን ዝገብሮን ጠፊእዎ ኣሎ። ስለዚ ኣብ ልብና ተመሊስና ኣምላኽ ዝሓረየኒ ንፍሉይ ዓላማ ድላዩ ክገብር ዝተሓረኹ እየ ኢልና ንድላይ ኣምላኽ ክንገብር ቍርጺ ፍቓድና ንሓድስ።

ሓደ ካብቲ መጋበሪ ኣብ ኣምላኽ ክንምለስ ከም ሕሩያት ኣምላኽ ክንከውን ዝገብረና ክንሳሕ ከሎና እዩ። ምንሳሕ ማለት ኣእምሮኻ ምቕያር እሞ ድሕሪኡ ንኣእምሮኻ ምስቲ ዘምጻእካዮ ለውጢ ምውህሃድ እዩ። እዚ ሓዲስ ሰብ ይገብረካ። ምንሳሕ ክንብል እንከሎና ካብ ምስራቕ ካብ ምቅታል ካብ ዝሙት ካብቶም ዓበይቲ ንነፍስና ዝቐትሉ ዓበይቲ ኃጢኣት ዘይምግባር ጥራሕ ማለት ኣይኮነን። ምናልባት ካብ ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኃጢኣታት ክትንሳሕ ቀሊል እዩ። እቲ ቀንዲ ክትልውጦ ዘድሊ ንሕይወትካ ካብ ንኣይ ይጥዓመኒ፥ ክግበረልካ ጥራሕ ምድላይ፥ ናይ ካልእ ዘይግድሰካ ምዃን ኣብ ርእስኻ ጥራሕ ምትኳር ነዝን ካልእን ምልዋጥ እዩ። ምንሳሕ ወይ ምቕያር ክብሃል እንከሎ እምብኣር ካብ ኣብ ርእስኻ ጥራሕ ዘተኮረ ሕይወት ኣብ ኣምላኽ ዘተኮረ ሕይወት ምቕያር እዩ።

ክትንሳሓ እንከሎኻ ምስኡ ዝኸይድ ዘይተርፍ ነገራት ክትገብሮ ግድን ዝኾነ ነገራት ኣሎ። ምስ ኣምላኽ ክትነብር ትመርጽ እንተ ኾንካ ኣባኻ ጠቢቑ ካብ ኣምላኽ ፈልዩካ ዘሎ ነገር ክትስዕሮ ክትልውጦ ኣብ ገለ እዋን ስቓይ ይፈጥረልካ እዩ። ብዙሕ ጊዜ ዘጸግመና ክነሰማማዕ ንፍትን እዚ ግን ምጥባር እዩ ምሉእ ምሕዳስ ከኣ ኣየምጽኣልናን እዩ። ክንሳሕ ከሎና ኣብ ሓዲስ ሕይወት ካብቲ ዝነበርካዮ ምእታው እዩ። ንዝኣረገ ሕማቕ ልምድና ሓዲገዮ ክብል ካብ ምፍጻሙ ጥራሕ ደው ምባል እኹል ኣይኮነን ሓዲስ መገዲ ክንፈጥር ኣሎና ነቲ ኣረጊት ተኪኡ ኣብ ሓዲስ ዕማም ዝወስደና መገዲ ክንኣቱ ኣሎና። ኣብቲ ዝኣቶናዮ ሓዲስ ሕይወት ኵሉ ዝክኣለና ሓይልና ዓቕምና ክነጥፍኣሉ ኣሎና።

ዝተሓደስ ዝተነስሐ ሕይወት ክንለብስ፥ ብዳግም መልእኽቲ ኣምላኽ ክነብጽሕ ክንወፍር እንከሎ ዝያዳ ጸጋን በረኸትን ንረክብ ሽዑ ከም ሓዋርያ ጳውሎስ ኣሳዳዲ ዝነበረ ሰባኺ ይኸውን። ከም ልኡኻት ኣምላኽ መጠን ኵሉ ጊዜ ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ዝበሎ ክንዝክር ይግባእ፥ንኣኻትኩም ዝቕበል ንኣይ ይቕበል እቲ ንኣይ ዝቕበል ድማ ነቲ ዝለኣኸኒ ይቕበሎ (ማቴ 10፡40)። ሎም ንሕና ኢና ልኡኻት ኣምላኽ ክንከውን በብዘሎና ሕይወት ዝተሓረና እሞ ኣብጻሕቲ መልእኽቲ ኣምላኽ ኮና ሰላም ፍቕሪ መለለይና ገርና መልእኽትና ነብጽሕ።

ነፍስወከፍና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ፍሉያት ፍጥረት ኢና። ኣምላኽ ዝመደቦን ዝሃቦን ዓላማ ዝለበስና ኢና። ነፍስወከፍና ኣብ እግሪ ሓዋርያት እንስዕብ ፍሉያትን ሕሩያትን ኣምላኽ ምስኦም ኮና መልእኽቲ ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ክነብጽሕ ሕራይ ዝበልና ሰባት ኢና። ስለዚ ኣብ ተልእኮ ክርስቶስ ሱታፌ ኣሎና። ነሕዋትና ንዝኾነ ሰብ ሰናይ ዜና ክነብጽሕ ነቶም ኵሉ ጽቡቕ ዜና ጠፊእዎም ዘሎ ነዚ ሰናይ እነብስር ኢና። እሞ ሎሚ ነዚ ክነበስር ንበገስ ኣምላኽ ከኣ ብጸግኡ ኣሰንዩ ናቱ ይግበረና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ